## ሕቶ ህዝቢ መሰረታዊ ፍታሕ ክርክብ፡ ንውዲታት ህግደፍ ክንነቕሓሉ ይግባእ
**ሰንበት 28 ታሕሳስ 2008 ዓ.ም**

እቲ ንነዊሕ እዋን ዝተጸበናዮን ዝሓለምናዮን፡ እቲ መዳርግቱ ውሑድ ዝኾነ መስዋእቲ ዝኸፈልናሉን፡ ከምሰብ ብክብረት ናይ ምንባር ባህግና ሎሚ ብመንገዲ ኣሰና ብዝቃላሕ ዘሎ ዘሐብን ምንቅስቓስ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ካብ ድቕድቕ ጸላም ናብቲ ወገግ ዝበለ ብርሃን ተሰፋ ተገማጊሙ ንዕዘብ ኣሎና።

ዘሕዝን ኢዩ። እቲ ኩሉ ጥልመትን ክሕደትን በቶም ብግዝያዊ ስልጣን ዓይኖም ዝዓወረ፡ ምእንቲ ነጻነት በረኻ ዝወፈሩ፡ ግን ከኣ ኣብ መስርሕ ከረዲዶም፡ ንህዝብን ሃገርን ንጥፍኣት ዝፈረዱ ረሲኣን ምኻኑ ናይ ብሓቂ ንብዙሕ ክፋል ሕበረተሰብና ኣጋግዩ ኔሩ ኢዩ። “እንታይ ክገብሩ ጥራይ ኢዶም እንድዮም ኣትዮም፡ ንሶምሲ ይሰርሑ ኣለዉ፡ ኣብታሕቲ ዘሎ ድኣ ምሕጋዝ ኣብይዎም እንበር” ዝብል ንነዊሕ ዝሓከመን ጉጉይን የዋህን ኣመለኻኽታ ህዝብና፡ ኣብቲ ወግሐ ጸብሐ ባዕሎም ዝፈርስዎ ኮረሻ ስልጣን ደጊፍዎም ጸኒሑ ኢዩ።

እዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ምዕባለታት ድማ፡ እቲ ኣብ ሓደ ሃገር ክህሉ ዝግብኦ ንቡር ፖለቲካዊ ንቕሓት ኢዩ። እዚ ፖለቲካዊ ንቕሓት ምስ ዘይህሉ፡ ከምታ ልጓም ዘይብላ በቕሊ ኣብ ስለጣን ዘለዉ ዝምእምኦም ክገብሩ ኢዩ መንገዲ ዝጸርግ። ክሳብ ሕጂ ኤርትራውያን ነዚ ፖለቲካዊ ልጓም ባዕልና ካብ ኢድና መጢናሎም፡ ዘይሕጋዊ ስልጣኖም ብዘይገደብ ክጥቀሙሉን ድላዮም ከተግብሩን ነጻ ሓዲግናዮም። ዘይተነግረና ወይውን ዘይሰማዕናዮ እንበር ዘይገበርዎ ጸይቂ፡ ዘይዘረግዎ ዒላ፡ ዘይበረዝዎ ክፋል ባህልና፡ ዘይተፈታተንዎ ክብረታትና የለን።

**1.** ከምድላዮም ዊን ብዝበሎም መንገዲ ንሂወትና፡ እንተላይ ኣብ ውሽጢ ስድራና ኣትዮም ኣመሓዲሮም፡

**2.** ብስም ሃገራዊ ኣገልገሎት ዲዕ ዝበለ ባርነት መስሪቶም፡ ጉለበት መንሰያትና ኣዳኺሞም፡ ሞራል መንእሰይ ሓመሺሾም፡ ነታ ዝበሃጋ ሃገር ኩቦ ደርቢላ ናብ ፈቐዶ ስደት ከምርሕ፡ ንሃገርና ዘይርገጽ ረመጽ ሓዊ ክዕዮምላ መንእሰይ ነቲ ዝኸፍአ ምድረበዳ ስሃራን፡ ባሕሪ መዲትረንያን ሲኦል ክንሱ ምስ መግዛኣቶም ኣነጻጺሩ ከም ገነት ንኽጸደፈሉ ኣገዲዶሞ።

**3.** ብስም ሃገራዊ ኣገልገሎት፡ እቲ ጽዩፍ ክትዛረበሉ ዘሰካሕክሕ ድፍረት ኣብ ልዕሊ መንሰያት ደቀንስትዮና ፈጺሞም። ንወለዶታት ዝተረፍ ባህላውን ማሕበራውን ጥዕናውን ጽገም ከምዘጉላዕልዕ ጌሮም።

**4.** ክብሪ ስድራቤት፡ ኣጥፊኦም፡ ስድራቤታት ክመዝበታተና፡ ስልጣነን ክመዝዳኸም፡ ባህለንን ክብረንን ክምዝጠፍእ ጌሮም። ካብ ጥንቲ ንሕበረተስና ዝሓቖፈ፡ ሃይማኖታት ወለድና ደፊሮም፡ ነቶም እዘጊ እንበር ምድራዊ ፍጡር ዘይደፈሮም ሃይማኖታዊ መራሕትና ደፊሮም ኣንቋሺሾም፡ ሕሉፍ ሓሊፎም እውን ኣብ ማሕዩር ኣስፊሮሞም።

**5.** ንጸይቀ ተግባራቶም ንዝተቓወመ ኹሉ ብስም ክድዓት እናጸለሙ፡ ማእላያ ዘይብሉ ሰብ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕኖም፡ ንብዙሕ ሃለዋቱ ኣጥፊኦሞ።

**6.** ብስም ክድዓት መባእታዊ ዝኾነ ናይ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ምእካብን ምቅዋምን መሰልና ኣጊዶም፡ ወግሐ ጸብሐ ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደለና ሓቂ ናይ ምፍላጥ ናይ ምምርማር መሰለና ኣጊዶም ብሓንቲ እዘኒ ከምንሰመዕ፡ ብሓንቲ ዓይኒ ጥራይ ከምንረኢ ብምግባር በቲ ዘዋደድዎ ፕሮፖጋንዳዊ መሳርሒ ንህዝብና ኣደነቍሮሞ።

**7.** ሃብቲ ሃገር ማንም ብዘይፈልጦ መንገዲ ከምድላዮም ኣባኺኖም። ሕሉፍ ሓሊፎም ነቲ ሃይለስላሰ መሬታ እንበር ሰባ ኣይድልየንን ኢዩ ዝበሎ ብሓደ ማይል ንቕድሚት ኣሰጕሞም ኤርትራ ሰባ ኮነ መሬታ ኣየድልየናን ናብ ምባል ደረጃ በጺሖም ሰባ ኣጽኒቶም ከይኣክል መሬታ መጕሓፍ መርዛም ሓተላ ጌሮም ንሓዋሩ ከምዘይትስፈር ክገብረዋ ድሕር ኣይበሉን።

**8.** ንወለዲ ክንዲቲ ባዕሎም ዝዓስከርዎ ብጹሕ ውላድ፡ ሓላፍነት ኣሰኪሞም፡ ውድኻ/ጓልካ ሃዲማ እናበሉ በስገዳድ ንኸብዱ ዘይረኸበ ኣሽሓት ክኸፈል እናቐሰቡ ናብ ድኽነትን ጥሜትን ከምዝወድቑ ጌሮም። ንዓበይቲ ዝወሃብ ክበሪ ሕብረተሰብና ከይዓጠጦም ኣረጋውያን ወለድና፡ 50 ሽሕ ዕዳ እናለጠጡ፡ ነቶም ዝደኸዩ ኣብ ክንዲ ብጹሕ ውላዶም ኣበቲ ዘስካሕክሕ ሽላታቶም ደርብዮም ነታ ሞትኳ ክብሪ ከምዝስኣኑላ ጌሮም።

**9.** ዕዳጋታት ብግቡእ ከይሰርሕ ንኹሉ ብምእጋድ ንህዝቢ ንጥሜትን ሞትን ከምዝቃላዕ ጌሮም።

**10.** ነቲ ካብ መሬቱ ዝነብር ሓረስታይ ሕብረተሰብና መሬቱ ብሓይሊ ሃጊሮም ዓዲ ውዒል ጌሮም ስድራቤታት ብጥሜት ክጸንታ ፈሪዶም።

**11.** ነቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ክፋል ሕብረተሰብና፡ ንክብርቲ ሃገሩ ባዕሉ ብቕንዕና ንዝጀመሮ ወፈያ ጠምዚዞም፡ ሕጋውነት ዘይብሎም ክንሶም ሕጋዊ መልክዕ ብምልባስ ግብሪ ክኸፍል ብምቕሳብ ኣብ ክንዲ ዝመሓየሽ ናይ ዓመጽ ማሕፉድኦም ከምዝመልእ ጌሮም።

**12.** ብስም ደቂ ስውኣትን ስንኩላትናን እናተመጻደቑ ህዝቢ ዘሚቶም። ንስንኩላትና ግን ናብራ ንክመሓየሽሎም ዘቕረብዎ ጠለብ ብጥይት መሊሶም ብዙሓት ስንኩላትና ክብሪ ጅግንነቶም ከይረኸቡ ኣብ ሕሰምን ስቅያትን ከምዝነብሩ ገይሮሞም።

እቲ ዝርዝራት እከይ-ግብሪ ብዙሕ ኢዩ። እቲ ኣገዳሲ ጠንቂ ናይዚ ኩሉ ምምርማርን ንመጻኢ ተማሂርና ምልባምን ኢዩ።

ጠንቂ ናይዚ ኩሉ ብግርህና ዝተገብረ ስሕታን፡ ስልጣን ህዝቢ ንውሑዳት ኣሕሊፍካ ብእምነት ምሃብ ኢዩ:: ህዝቢ ኤርትራ ነዞም ኣረሜን ክቱር ኣሚንዎም። 65 ሽሕ ሰማእታት ከፊለና ምስበልዎ ውን፡ ኣበይ፡ ብኸመይ፡ ንድሕር ሕጂ ክንመሃረሉ እንታይ ድኸመታት ኔርኩም። ክንድዚ ዝኣክል ከ ክንከፍል ይግብኣና ዶ ኔሩ ኢዩ? እቲ ኣብ ሓድሕድ ኲናት ዘጥፋእኩሞ ግዜን ጉልበትን ጠንቁ እንታይ ኔሩ? መንከ ኢዩ ናይቲ ኩሉ ህልቂት ተሃታቲ? ኣብ ገድሊ ዝተቐትሉ ዝተረሸኑ ገበኖም እንታይ ኔሩ? ወዘተ...ክሕተቱ ዝግቦኦም ናይ ለባማት ሕቶታት እውን ኣይሓተቶምን። ናይ ዝሓለፈ ሓለፈ ኣይትድገመኒ ብዝተረፈ ኢሉ፡ ጸሎቱ ናብ ሰማይ ኣዕሪጉ፡ ኣእዳዉ ዘርጊሑ፡ ነጻልኡ ኣንጺፉ ንክመርሕዎ እምነት ኣነቢሩ ብዘይገለ ሕቶ ንስልጣኖም ባረኸሎም። እንሀ ክሳብ ለይተ ሎሚ ድማ ንኹሉ ዝወስድዎ ስጉምቲ ልቢ ኣዕብዩ፡ ደቅና ኢዮም ክመሃሩ ኢዮም እናበለ ንኹሉ ዕሽሽ እናበለ ነቲ ዕብዳኖም ክስዕርር ነጻ ሓዲግዎም። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም እቲ ዝኸፍአ መርዚ ስልጣን ምኻኑ ኣይፈለጠን ወይ ተገሪሁሉ ኣሎ። ኣብቲ ናይ መጀመርያ ግዜ ተመኩሮ ሃገርነቱ ንግርህነቱ ከምዚ ዝኣመሰለ እከይ ክፍደ ድማ ናይ ብሓቂ ዘሕዝን ኢዩ።

መለበምን ኣይግበርካ መለበምን ኣይኽላእካ ይብሉ ኣቦታት ክምስሉ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም ድሒሩ ናጽነቱ ዝረኸበ ህዝቢ ብምንባሩ ክመሃረሉ ዝኽእል ተመኩሮ ብዙሕ ኢዩ ኔሩ። ይጠፍኦ እውን ኣይነበረን። ሓቂ ብሓቂ ግን እምነት ጎዲእዎ። ዋጋ ናይቲ የዋህ እመነቱ ድማ ኢዩ ናይዚ ኩሉ ኣደራዕን ስቓይን ኮይኑ ዘሎ። እንበር ካብ ሓይሉ ዝብርትዕ ሓይሊ ሃልይዎም ብዓመጽ ደቍሶሞ ክንድዚ ክጸንሑስ ይተረፍ ሓንቲ ለይቲ እውን ክሓድሩ ኣይምኽኣሉን። ኣይኮነን ስርዓት በጋሚዶ (ህግደፍ) ዓለም ዘንፈጥፈጡ ዲክተይተራት በዓል ሂትለርን ሳዳምን እውን ጠፊኦም ኢዮም። ብዙሓት ሓያላት ስርዓታት ከም ናይ ምብራቕ ጀርመን፡ ቻውቸስኮ ናይ ሩማንያ፡ ኮሚንስታዊ ስርዓት ፖላንድ ኩሎም ብሓይሊ ህዝቢ ተረኺሚሾም ነበረ ኮይኖም ሓሊፎም ኢዮም።

እዚ ሕጂ ኣብ ሰራዊትን ኣብ ውሽጢ ህዝብን ዝርአ ዘሎ ናዕቢ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመንካያን ዘዕበኻያን ድሙ እውን ኣራዊት ጎቲታትልካ ከምትመጽእ ኣጸቢቑ ከምዝተገንዘበ ይምስክር። እቲ ወግሐ ጸብሐ ከም መርዓት ዓይኒ ክሕለዎ ዝግባእ ስልጣኑ ብዕሽሽ ኣሕሊፉ

ክህብ ከምዘይብሉ ከብቲ መሪር ተመኩሮኦ ከምዝተማህረ ኢዩ ዘርኢ። ኣብ ጉዕዞ ታሪኽና ድማ ሓደ ሓድሽ ምዕራፍ ንኽፈት ከመዘለና ዝስሓት ኣይኮነን።

እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ማዕበል ዝልክዋ ጋሻ ውሕጅ ምኽኑ እውን ነዚ ተነኮል ክኣልም ዝሓድር ስርዓት ይጠፍኦ ኢዩ ማለት ኣይኮነን። ነዚ ንምብርዓን ድማ ከይደቀሰ ይሓድር ከምዘሎን፡ ዘይፍንቅሎ እመንን ዘይጽሕትሮ ሓመድን ከምዘየለ ድማ ንማንም ሰውር ስውር ክኽውን ኣይግባእን። ነቲ ኣብ መዓልቲ ምእዋጅ ነጻነት ብ1993 ብተጋደልቲ ዝተገብረ ፍትሓዊ ዝነበረ ኣድማ ንምቑጻይ ዝተጠቕሞ ሜላ፡ ንተጋዳላይን ህዝብን ምግጫው፡ ዘይትኣደነ ሓሶትን መብጽዓታትን ምግባር፡ ብስርቕ ስርቕ ድማ ነቶም መንቋሕቋታ ኣለዎም ከመርሑ ይኽእሉ ዝበሃሉ ምጽናት ወዘተ ድማ ናይ ቀረባ ተዘክሮና ኢዮም። በዚ ደርሆ ፋሕቲራ ትረኽቦ ተነኮል ድማ ድሕሪ ደጊም ዝታለል ኣሎ ኣይብልን። ኣሸበሸብ ፈተነ ስለዘይተርፍ ግን ድሕሪ ደጊምስ ከመዘይንዝህለል ሓያል መልእኽቲ ብኣጋ ክልኣኽሉ ይግባእ።

እቲ ፍታሕ ሕጂውን መሰረታውን ንድሕሪት ዘይቕልበስን ምእንቲ ክኽውን፡ ክግበሩ ዝግብኦም ኣገደስቲ ስጉምትታት ግን ኣለዉ። ንሳቶም ድማ

**1. ስርዓት ህግደፍ ስርዓት ካብ ህዝቢ መንዚዑ ብዓመጽ ኣብስልጣን ዝተኾየጠ ዓማጺ ስለዝኾነ ስልጣን ናብቲ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ክመለስ ክቕሰብ ኣለዎ። ህዝቢ ጥራይ ኢዩ በድምጹ ክሽይምን ክቕንጥጥን ዝኽእል። ስርዓት ህግደፍ ድማ ስልጣን ከረክብ ናይ መጀመርያ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊቱን ክኽውን ይግባእ።**

**2. ሰርዓት ህገደፍ ብገበን ዝተቖማጥዐ ንሃገርና ዘጥፍአ ገበነኛ ስርዓት ስለዝኾነ ናብ ቅደሚ ሕጊ ክቐርብ ምግዳድ። እዚ ንብድሕሪ ሕጂ ዝሽየም እውን መምሃሪ ኣብነት ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ዝኾነ ስልጣን ይሃልዎ ልዕሊ ሕጊ ከምዘይኮነ ንጹር መልኽቲ ንኹሉ ዜጋ ብፍላይ ድማ ንፖለቲከኛታት የመሓላልፍ::**

**3. ንሃገር ዝገዝእ ኩሉ ዝምእዘዘሉ ቅዋም ድማ ክትገበር ከምዘለዎ ምግባርን ኢዩ።**

ስርዓት ህግደፍ ብደም ዝተቖማጥዐ ምኻኑ ነቶም ገበነኛታት ውን ንጹር ብምኻኑ ናይ መወዳታ ሰዓት ደወል ኣብ እዝኖም እናደወለ ድቃስ ስለዝኽልኦም ኩሉ እቲ ዝኽፍአ ዝብልዎ ሕማቕ፡ ናይ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ስጉምትታት ክወስዱ ምኻኖም ብኣጋ ክበርሃልና ይግባእ።

ነቲ ድሮ ከሳውርዎ ብዘይዕረፈቲ ዝደኸሙሉ፡ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ብሄራውን ምፍልላይ እናጉሃሃሩ ነቲ ናብኦም ዝቐነዐ ማዕበል ማእዝኑ ክጠውዩ ክፍትኑ ምኻኖም ከንዝንግዖ የብልናን። ኣብ 2000 ዓመተ ምህረት፡ ድሕሪ ወራር ወያነ፡ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሚኒስተራትን

ህዝብን ዝተበገሰ ተቓዎም ምስ ኣናወጸ ካብ ዝሓከለለን እንኮ ክፋኣት ምግምማዕ ህዝቢ ኢያ። ከምኡ ኢሉ ድማ ክሳብ ሎሚ ክጥቀማላ ይርአ ኣሎ። ብንቕሓት ህዝቢ እናተጨልገመ ስለዝፈሸለ እንበር ብሕልሚ ህግደፍስ ህዝቢ ኤርትራ ነንሕድሕዱ ክፋጠጥ ንሶም ብዘይገለ ተቓውሞ ክገዝኡ ውዱእ ሽርሒ ኢዩ ኔሩ። ሕጂውን ነቒሕና ክንሕልዎ ዝግብኣና። ክነዝሑልና ከይደቀሱ ዝሓድሩሉ መርዚ ኢዩ። ትኽስ ድሙ መዘንግዕ ኣንጭዋ ከምዝበሃል፡ ናይ ሓሶት መብጽዓታት እናሃቡ ከታልሉ፡ መላእኽቲ ተመሲሎም ከመሻኽኑን ከመጻደቑን ምኻኖም ማንም ዝስሕቶ የለን። ናይ 1993 ናይ ቀረባ ትምህርቲ ኢዩ። "ኣነ ከም ሰበይ ብናጽነት ዕጉብ ኢዩ፡ ባህጊ ስልጣን የብለይን ስልጣንኩም ካብ ሎሚ ተረከቡኒ" እናበለ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ (ቸቸሮ) ሓለቓ ጉሓሉ ኢሳያስ ዝገዓሮ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣእዛና ይቓጨል ኣሎ። ንለይቱ ግን ስለጣኑ ብዘየዳግም ከደልድል ከካብ ኣሃዱኡ ሓሓኒቑ ዘጥፍኦም ተጋደልቲ ምስሎምን መንፈሶምን ምሳና ኣሎ። ሎሚ ግን እዚ እከይ ሽሕጣን ንግርህነትና ዳግማይ ክፍትኖ ዕድል ክዋሃቦ ኣይኮነን።

እዚ ስርዓት'ዚ ምእንቲ 'ቲ ዘይዓግብ ሸውሃት ስልጣኑ ክብል ዘይገብሮ የልቦን። ግብረ እከዩ ምስ ዘይሰለጦ ብግዝያዊ ስጋዊ ጠቕሚ ንገለ ክፋል ሕብረተሰብናን ሰራዊት ምክልኻልናን እናስድዐ ነንሓድሕድና ክፋልሰና፡ ነቲ ዘሰካሕክሕ ህልቂት ሶማል ኣብ ሃገርና ክደግም ድሕር ከምዘይብል 'ውን እንጽበዮ ኢዩ። ድሮ 'ውን ኣብ ኣኼባ ብትሪ ክምጉተሉ ከምዝውዓለ፡ ኮይኑ ግን ብተሪር ተቓዎሞ ከይሰለጦ ከምዝተረፈን ወረ በጺሕና ኣሎ። ንሕና'ስ ቀደም ተመሃሪርናሉ ዝሓለፍና፡ በሰልኡ ገና ካብ ነብስና ዘይሓወየ እከይ ተግባር ምኻኑ ዳግማይ ትምህርቲ ኣየድልየናን። ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኮነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር መንእሰይ ኤርትራ ንናጸነት ኢዩ ዓጢቑ ኔሩ። ናይ ስለጣን ህርፋን ዘዕወሮም ኣብ ክለቲኡ ክፋል ዝነበሩ ብዕሉጋት ሰበስልጣን ግን ምእንቲ ስልጣኖም ነንሓድሕዱ ኣዳምዮም፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዓሰርተ ዓመት ንድሕሪት መሊሶም፡ ንመስዋእትና ብዕጽፊ ከምዘዛየድዎ መን ይርስዮ። ሎሚ ብተመሳሳሊ ብእኩይ ተግባሮም ከምዘይንታለል ግን ድሮ ተነጊርዎም ኣሎ። ኣሸበሸብ ግን ነቒሕና ክንሕልዎ ዝግባእ መርዚ ኢዩ።

ከም ጽግድም እናተጸናቶኻ ንመራሕቲ ምንቅስቓስ ኢዮም ዝበልዎም ምጽናት እውን ካልእ ክፍኣቶም ኢዩ'ሞ ክንዝህለል ኣይግበኣን። ሎምስ ንሶም ድኣ ይቕደሙ እንበር በቲ እከይ ተግባራቶም ተቐዲማ እትጠፍእ እንኮ ትንፋስ እውን ክትህሉ ኣይግባእን። ናይ ቀረባ ዓመታት ኣብነታት ጥራይ ምስ እንዝክር፡ ናይ 1993 ኣድማ ሰራዊት፡ ናይ 1994 ናይ ስንኩላን ሰላማዊ ሰልፊ፡ ናይ 2000 ዓ.ም ናይ ሚኒስተራት ናዕቢ ዓቢ ትምህርቲ ኣቕሲሙና፡ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሰፊሩ ኣሎ።

ኣብ መወዳታ ድማ እዚ ብሓይልታት ምክልኻል ተጀሚሩ ዘሎ ፍትሓዊ ምንቅስቓስ ነቲ ብመስዋእትን ሕድርን ዝተነድቀ፡ ብሃገራዊ ሓልዮትን ፍቕርን ዝተጠምረ ሰራዊትና፡ ናይ ብሓቂ ናይ ህዝቢ ሰራዊት ምኻኑ፡ ንታሪኻዊ ሓላፍነቱን መብጽዓ ዝወደቑ ብጾቱን ከተግብር ዝኽእል ዓረመሾሽ ምኻኑ ዘመስክር ታሪኻዊ ፍጻመ ብምኻኑ፡ ከምቲ ናይ ቀደም ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ደገ ይኹን ኣብ ውሽጢ ኣብ ጎኑ ከምዘሎ ከረጋግጸሉ ይግባእ። ሕድሪ ስዉኣትና ተረጊጹ፡ መሰዋእትና በኺኑ፡ ዝጻመናሉ ራኢ ሕልሚ ኮይኑ ኣይክተርፍን ኢዩ። ራኢና ክንጭብጥ ሰላምን ፍትሕን ዝነገሳ ኤርትራ ክንርኢ ድማ ግዚኡ ርሑቕ ኣይኮነን። እምነትናን ተስፋናን ኣብ ምክልኻል ሰራዊትና ልዑል ኢዩ። ስለዚ ነቲ ኣብ ጎኒ ህዝበይ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ሰራዊት፡ ኣብ ጎንኻ ኣለና ንበሎ።

*ሰለሙን ወልደሚካኤል*